# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.139 | ሰንበት 9 ለካቲት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ስርሒት ፈንቅል - ተዘኪሩ ዝነብር ሓወልቲ ኤርትራዊ ጅግንነት!

ገጽ 4
ስርሒት ፈንቅል፡ ስርሒት ትኽል ንቕል


ገጽ 5
ስርሒት ፈንቅል


ገጽ 6
ምንባብን ፍልጠትን


ገጽ 11
ሃገራዊ ወድድር ኩዕሶ እግሪ ይቕጽል



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት ኣኽሊል ዕንባባ ኣንቢሩ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብምኽንያት ጸንበል መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ትማሊ 8 ለካቲት ኣብ ሰዓታት ንግሆ፡ ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት ኣኽሊል ዕንባባ ኣንቢሩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብኣልጣን መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ከምኡ'ውን ዕድመ ዝተገብረሎም ኣጋይሽ ተረኺቦም ነይሮም።

ድሕሪ ምንባር ኣኽሊል ዕንባብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብሚኒስትሪታት ምክልኻልን ዜናን፡ ባሕሪ፡ ከምኡ'ውን ሓይሊ ባሕሪ በዓል-መዚ ወደብን ካልኦት ኣካላትን ንዝተዳለወ ምርኢት ተዓዘበ።

ኣቲ ስእሊ፡ ቅብኣ፡ ቅርጻን ካልእን ዘጠቓለለ ምርኢት ኣብ ዝተዓዘበሉ፡ ብዛዕባ ትሕዝቶኡ መብርሂ ተዋሂብዎን መግለጺ ሓሳባት ለጊሱሎምን።

መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ "ፈንቅል - ቅኑዕ ሕርያ" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 7 ክሳብ 9 ለካቲት ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ክጽንበል ቀንዩ ኣሎ።



ስእሊ:- ኣክሊሉ ዘርኣዝጊ

## ወግዓዊ ጽምብል ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ብልዑል ድምቀት ተኻዪዱ

ወግዓዊ ጽንበል መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-መዚ መንግስትን ግንባር፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ካብ ወሸጢ ሃገርን ወጻኢን ዝመጹ ኣሽሓት ዜጋታትን ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ትማሊ 8 ለካቲት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ፡ ብልዑል ድምቀት ተኻዪዱ።

ኣደ-መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ብሓፈሻ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብፍላይ ድማ ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ንምጽንባል ካብ ወሽጥን ወጻእን ንዝመጹ ዜጋታት "የቐንየልና" ድሕሪ ምባል፡ ናይ ሎሚ ዝበን ጽንበል፡ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፡ ባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታት፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ምስትምቓር ጁጋታት ባሕሪ ሰሚናራት፡ ፍልጠት-ጠቕሰ ውድድራት፡ ኮማዊ ዳንስ፡ ባህላዊ ምርኢትን ካልእን ከምዝጠቓልል ብምሕባር፡ ኣብርኪዮ ንዝበዩ ኩሎም ኣካላት መንግስቲን ሰብ ጥበበውያንን ምስጋና ኣቕሪቡ።



ኣመሓዳሪት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ብወገና፡ "ፈንቅል፡ ቅኑዕ ሕርያ" ዝብል ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ፡ ንስትራተጂያዊት ወደብ ባጽዕ ሓራ ንምውጻእን ስር መግዛእቲ ንምፍንቃልን ንዝተወሰደ ተባህን ኣጉዳስን ውሳ ዘገልጽ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ስርሒት ፈንቅል እኩብ ሕሉፍ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ግጥማት ዝወለዶን ናጽነት ዘይተርፍ ምዃኑ ዘረጋገጸን ውሳኒ ኤርትራዊ ዓወት ከምዝነበረ ኣረዲኣ።

ወ/ሮ ኣስመረት ኣሰዊቡ፡ ስርሒት ፈንቅል - ሕድሪ ሰማእታትና እንፍጽመሉን ታሪኽ እነሰጋግረሉን ኣጋጣሚ ከምዝኾነውን ጽኑዕ እምነታ ገሊጻ።

ኣብቲ ንኽልተ ሰዓታት ዝቐጸለን ብኤራቲኺን ደምቒ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ዝተፈነወን ጽምብል፡ ሰልፊ ጀላቡን መራኽብን ወግዒ ከምኡ'ውን ንቕያን ጅግንነትን ሓይልታት ምክልኻል፡ ንህዝባዊ መኸተን ካልእ ክብረታትን ዘንጸባርቕ ስነጥበባዊ መደባት ቀሪቡ።

ጽምብል መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ሎሚ ሰንበት ብኮማዊ ዳንስ፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ባህላዊ ምርኢትን ካልእን ክዛዘም እዩ።



ስእሊ:- ኣክሊሉ ዘርኣዝጊ

ሪፖርታዥ

# ስርሒት ፈንቅል - ተዘኪሩ ዝነብር ሓወልቲ ኤርትራዊ ጅግንነት!



የሴፍ ሃይለማርያም

ወርሒ ለካቲት፡ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፍሉይ ቦታን ረዚን ዝኽርን ዘሓዘት ወርሒ'ያ። ኑቲ ኣብ 1988 ዝተኻየደ፡ ንስርዓት ደርግ ስሉሉ ዘሎ ዘኣተወሉን ስዕረቱ ዘርድኦን ሓያልን ተኣምራታውን መጥቃዕቲ ምድምሳስ ናደው እዚ ተኸቲሉ፡ ኣብ 1990 ዝሰዓበ በርቃዊ መጥቃዕቲ ስርሒት ፈንቅል፡ ኣብ'ዛ ወርሒ'ዚ፡ ብ10 ለካቲት፡ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ብምቁጽጻር፡ ብዓወት ህዝባዊ ግንባር ተዛዚሙ። እዚ ኸኣ፡ መዓርግቲ ዘይነብሮ ቅያ ስርሒት ፈንቅል፡ ሎሚ 35 ዓመቱ ኣቘጺሩ፡ "ፈንቅል - ቅኑዕ ሕርያ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብኽብርን ሓበንን ይጽምበል ኣሎ።

ትማሊ ቀዳም ናይ ንግሆ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብኣባላት ማርሽን ባንድ ሓይሊ ባሕሪ ተሰንዩ፡ ንዘኽሪ'ቶም ስለ'ዛ ሃገር በጃ ዝሓለፉ ሰማእታት፡ ኣብ ሓወልቲ ታንክታት ተረኺቡ፡ ኣኽሊል ዕምባባ ኣንቢሩን ዝኽረሰማእታት ኣዕሪጉን። ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለን ድማ፡ ንኽቡር ፕረዚደንት ኣሰንዮምዎ። ኣብ'ቲ ስነስርዓት ምንባር ኣኽሊል ዕምባባ፡ ሚኒስተራት፡ ሓለፍቲ ግንባር፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ብርክት ዝበሉ ተሳተፍትን ተረኺቦም ነይሮም። ትእምርቲ ስርሒት ፈንቅል ዝኾና ጃንጋር፡ ታይገርን ኮማንደርን ዝተሰምያ ሰለስተ ታንክታት ዝርከብኦ ሓወልቲ ጥዋለት፡ ምስክር ናይ'ቲ ሽዑ ዝተፈጸመ ጅግንነትን ዓወትን ተጋዳላይ እዩ። እተን ኣብ በሪኽ ተሰቒለን ብጦንዴራን ጭርሖን ወቂበን መንጫዕጫዕታ ማይ ዝኾስዓ ታንክታት፡ ብዘዖዖኦ ተዓቂበን፡ ዓመት መጽኣ ንጽሕቲ ብዘኽሪ ንድሕሪት መሊሰን ምልክት ማስተንክራዊ ዓወት ስርሒት ፈንቅል ኮይነን ንረኽበን። ስነስርዓት ምንባር ኣኽሊል ዕምባባ ኣብ ሓወልቲ ጥዋለት ምስ ተዛዘመ፡ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ጽምብል፡ ብኽቡር ፕረዚደንት ተመሪሖም ናብ'ቲ ኣብ ሆቴል ሬድሲ ዝተዳለወ ናይ ቁርሲ መድበ'ዩም ኣምሪሖም።

ብድሕሪ'ዚ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኑቲ ኣብ ከባቢ ሲሃማ ስጋሌት ተዳልዩ ዝርከብ ኤግዚቢሽን'ዩ፡ ብሚኒስተራት፡ ሓለፍቲ ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ተሰንዩ፡ ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ዝኣክል ሓደ ብሓደ ተዓዚቡዎ።

ብኣዳለውቲ ናይ'ቲ ንታሪኽ ስርሒት ፈንቅል፡ ንባህሊን መተባብርን ብዝረትና፡ ኑቲ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ኣብ ወተሃደራዊ ጥምጥም ዝነበረ ፍጻመታት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕን መቕተልትን፡ ከምኡ ድማ ብሚኒስትሪታትን ትካላትን ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ ንጥፈታት ዝተዳለወ ኤግዚቢሽን ድማ፡ ግቡእ መብርህን ሓበሬታን እናተዋህቦ ተዘዋዊሩ ተዓዚቡዎ። ኑቲ ብተመሃሮ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝቐረበ ኣካዳሚያውን ምርምራውን ኤግዚቢሽን ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብጽሞና ተኸታቲሉዎን ኑዩም ተመሃሮ ርእይቶ እናሃበን ብኣዱ ሰላምታ እናለገሰን ሞራልን ሓገዝን ኣሰኒቑዎም። ብዘይካ'ዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኑቲ ብተመሃሮ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዝተዳለወ ናይ ደርፍን ካልእን መደባት'ውን ተዓዚቡዎን ንህጻናት ተመሃሮ ምውኞ ሰላምታኡ ኣቕሪቡን ኣተባቢዑን።

ዓወት ስርሒት ፈንቅል፡ በሪ ናጽነት ኤርትራ ዘርሓወን ኑቲ ን30 ዓመት ዝተኻየደ መሪር ብረታዊ ቃልሲ መኸተምታኡ ዘበሰረን ብምንባሩ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ተወሳኺ ተስፋን ሓይሊን ዘሰነቐ፡ ንታሪኻውያን ጸላእቱን ተጻብኦቱን ሓይልታት ድማ፡ ተስፋ ዘቑረጸን ኣብ ጭንቀት ዝሸመመን እዩ ነይሩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ተወቒሩ ዝነብር ሓወልቲ ኤርትራዊ ጅግንነት እዩ።

ዘይትትካእ ህይወት ኣሽሓት ዜጋታት ጠሊቡ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ብዓሎቕ ዝተሰገደ ግፍዒን ዓመጽን ዝተርንበ ጽምብል ስርሒት ፈንቅል፡ ሎሚ ዓመት፡ ካብ 26 ጥሪ ጀሚሩ'ዩ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ብምስራዕ፡ ሰፊሕ ምድላዋት ተገይሩሉ፡ ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ ኣብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ዝጽምበል ዘሎ። ገለ ካብ'ቶም፡ ሎሚ ዓመት ቀሪቦም ክቶዩዱ ናብ ህዝቢ ክቐርቡን ካብ ዝጸንሑ ንጥፈታት፡ ብኽልቲኡ ጾታ ዝተኻየደ ስፖርታዊ ውድድራት ማለት፡ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ፣ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል፣ ኤርትራውያን፡ ኬንያውያን፡ ኡጋንዳውያንን ደቡብ ሱዳናውያንን ዝተሳተፍዎ ቅድድም ፍርቂ ማራቶን፣ ባህላዊ ምርኢት ኣብ ጎደና ከባቢ ሲሃማ ስጋሌት፣ ምስትምቓር ጀጋታት ባሕሪ ኣብ ጎርጉሰምን ደሴት ሼኽ ሰዒድን፣ ኣብ ከማቢ ሲሃማ ስጋሌት ዝቐረበ ንስርሒት ፈንቅል ዘዘክር ኤግዚብሽን፣ ከምኡ'ውን ብዘዕባ ውግእ ሳሊና ዝገልጽ ትረኻ መጽሓፍ - ሳሊና 77፡ መግለጺ ብዛዕባ መጓዓዝያ ባሕሪ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ከምኡ ድማ ብዛዕባ ግርጭታትን ኣፈታትሕኡን ዝብሉ ሰሚናራት፣ ብዓበኡ ድማ፡ ምንባር ኣኽሊል ዕምባባ ኣብ ሓወልቲ ታንክታት ብክቡር ፕረዚደትን ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ብዝተፈላለዩ ስነጥበባዊ መሰናድኦታት ዝወቀበ ጽምብል ፈንቅል 2025ን ዝብሉ ይርከብዎም።

ወደባዊት ከተማ ባጽዕ፡ ኑዩም ቅድሚ 35 ዓመት፡ ንናጽነትን ክብረትን ሃገር ኣለናልኪ ክብሉ በጃኣ ዝሓለፉ ሰማእታት ኤርትራ ንምዝካርን ኑቲ ብሳላ ጅግንነት ህዝባዊ ግንባር ዝተረኽበ ዓወት ንምጽምባልን ንልዕሊ ክልተ ቕነ ዝቐጸለ መሰናድኦታት ክትገብር ቀንያ። ባጽዕ ምስ'ቲ ምቹእ ኩነታት ኣየራ ኣሰንያ ንጽምብል ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ንዘዐገቡ ኣጋይሻ ክትቅበል'ያ ቀኒያ። ጎደናታታ፡ ብጦንዴራን ኑቲ ጽምብል ብዝገልጹ ጭርሖታትን ወቒባ፡ ሆቴላታ ንኣጋይሻ ንምእንጋድ ዘድሊ ምድላዋት ኣዋዲደን ከኣ፡ ንተሳታፊ ጽምብል ስርሒት ፈንቅል 2025፡ ብልዑል ወኒ ኣብ ምእንጋድ ትርከብ ኣላ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ማእከላይ ምቑት ዝዓብለሎ ኩነታት ኣየር ከተማ ባጽዕ፡ ብፍላይ ኣብ ግዜ ምሸት፡ ሽናዕ እናበልካ ክትዛወር እንክለኻ ዝፈጥሮ ባህታ፡ ካብ ዝኽሪ ሓሳብካ ዘይጠፍእ ምስሊ ኣሕዲሩልካ'ዩ ዝሓልፍ። ኣብ ንምስትምቓር፡ ካብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ወጻእን ምስ ስድራቤቶም ኣዕርኽቶምን ዝመጽኡ ብኣሽሓት ዜጋታት ድማ፡ ካብ ርእሲ ምድሪ ክሳብ ውሽጢ ባጽዕ ብእግሮም ሃዲኦም እናተጓዕዙ፡ ኑቲ ብማስዋእቲ ዝተረኽበ ሰላም ክስተማቐሩ፡ ኣብ ኣብያተ መግቢን ሆቴላትን ኣትዮም መግቦም ክቋደሱን እንክትዕዘብ፡ ንርዝነት ናጽነት ዝገልጽ ስምዒት'ዩ ዝፈጥረልካ።

ጽምብል መበል 35 ስርሒት ፈንቅል ንምድማቕ፡ ካብ ሓሙስ 6 ለካቲት ጀሚሩ፡ ብመተሃን ገብርሄወን ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመተፍደዝድ 74፡ ብሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ብሚኒስትሪ ጥዕናን ሚኒስትሪ ትምህርትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብኣገልግሎት ዲዛይንን ገዛዉን ኤርትራን ካልኦትን ዝቐረበ ኤግዚብሽን፡ ኣብ ሸዱሸተ ዓበይቲ ቴንዳታት ተመቓቒሉ'ዩ ንጽሕቲ ቀሪቡ። እቲ ምርኢት፡ ንዝካየድ ዘሎ መኸተን ልምዓትን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብጸላኢቲ ንዝወረደ ኣሰቃቒ ግፍዕን ኣደራዕን፡ ንናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ዝተኸፍለ መስዋእቲ፡ ንባህሊ ብዝሓት ኤርትራ ዘውክሉ ብርክት ዝበሉ ቅብኣን ቅርጻን፡ ከምኡ ድማ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሚኒስትሪታት ሃብቲ ባሕሪ፡ ጥዕናን ትምህርትን ንዝካየድ ዘሎ ልምዓታዊ፡ ጥዕናውን ትምህርታውን ንጥፈታት ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ኑቲ ጽምብል ርዝነት ወሲኹሉን ኣማዕሪጉምን'ዩ። ብወገን'ውን፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንገለ ካብ ኣቦላት ረኺብና ኣዘራሪብናዮምን ርእይቶታቶም ሂቦምናን ነይሮም።

ብመሰረ'ቶም ኣዳለውቲ ናይ'ቲ እግዚብሽን፡ ብመተሃን ገብርሄወን ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ዝቐረበ ምርኢት፡ ኣብ ክልተ ዝተመቐለ ኮይኑ፡ ንሰውራን ንባህሊን ዝገልጽ እዩ። ኣባል መተሃን ገብርሄወን ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ መበል 29 ዘርያ ስነጥበባዊ ያፌት ሃብተገርግሽ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሳትረብ ትምህርቲ ድሕሪ ምውሳዱ፡ ንኣስታት 13 ዓመት ኣብ ቅብኣ ዝጠፈ'ዩ። ንሱ፡ ዕዮት ሓቐፉ ኣብ ህዱእ መንፈስ እትርከብ ጎርዞን ሓረስታይ ኣብ እዋን ቀውዒን ዝገልጻ ንባህሊ ዘውክላ ቅብኣን ቅርጻን'ዩ ኣቕሪቡ። ስርሒት ፈንቅል፡ ስውኣትና ዝገደፉልና ሓበን ስለ ዝኾኑ፡ ዓመት መጽኣ ብኽቡብ ዝበለ መደብት ምጽምባሉ፡ ኩርዓት ከምዝሰምዖ ብምሕባር ከኣ፡ መንእሰያት ዝሓለፈ ታሪኽን ግድነትን ብዘዖዖኦ ክፈልጥዎ ተላቢዩ።

ቀጺልና ዝተወከስናዮ፡ ኣባል መተሃን ገብርሄወን ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ መበል 13 ዘርያ መትከል የማነ'ዩ። ንሱ፡ "ኣውራሶም ወረስቲ፡ ዘይታኸሱ ሓለውቲ" እትብል፡ ንሓይሊ ባሕሪ፡ ሓይሊ ምድርን ሓይሊ ኣየርን እትውክል ቅብኣ'ዩ ኣቕሪቡ። እዚ ከኣ፡ ብሰለስቲኦም ኣካላት ሚኒስትሪ ምክልኻል ንዝካየድ ዘሎ መኸተን ምኽባር ልኡላውነትን ዝገልጽ እዩ። ስነጥበባውያን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ከም ሰሞም ሓቦርቲ ገስጋስትን መዛርትን ኩይናም፡ ንኣሽቱ ወለዶ ታሪኾም ክፈልጥ ዝሕግዝ ምርኢት ብቐጻሊ ከምዝቐረቡ ጠቒሱ ኩኦ ከምዚ ዓይነት መደብ ብዕቱብ ተወዲቡ ክቕጽል ኣዘኻኺሩ።

ኣባል መተሃን ገብርሄወን ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ መበል 8ይ ዘርያ ክፍለ ተኸለማርያም'ውን፡ በዓል ስርሒት ፈንቅል ንምምዕራግ፡ ካብ ዕንጨይቲ ዝተጻርባ ቅርጻ'ዩ ኣቕሪቡ። ካብ'ተን ንሱ ዘቕረበን፡ ሴፍ ዝሓዘት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ንሓድነት ሰባት ኣደ-ኣደም እናተደጋገፉ፡ ንጽንክር ግዜ ሰጊርና ኣብ በሪኽን ጸቡቐን እንንጓዓዘሉ መድረኽ ከም ዝበጽሕና ብምስሊ ናይ'ቲ ብዓቕብት ጀሚሩ ኣብ ምንፋር ዝበጽሐ ንስሪ ዝተሳእለት፡ ከምኡ'ውን ኩሉ ፍጡር ኣብ ናቱ ገድልን ጻዕርን ከምዝነብር ብምስሊ ምጽጹላይ ዝተሰርሐት ይርከብኦን። ስነጥበባዊ ክፍሉ፡ ስነጥበብ ኣብ ምትሕልላፍ ታሪኽን መንነትን ዓቢ ግደ ዘለዎን መወከሲ ናይ ሕሉፍን ስለ ዝኾኑ፡ መተሃን ገብርሄወን ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብስነ-ጥበበኛታት ኣቦላቱ ንዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ኣመጉሱ።

ብተወሳኺ፡ ብኣባላት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ብበዓል ማዚ ወደብ ምጽዋዕ፡ ብበዓል ማዚ ኣህጉራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ምጽዋዕ፡ ብፋብሪካ ታኒካን ፖሊ ፕላስቲክን ምጽዋዕ፡ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ከምኡ'ውን ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ፡ ኑቲ ንሳቶም ዘካይድዎ ዝንተፈላለየ ልምዓታውን ካልእን ዝገልጽ ንጥፈታት፡ ብስእልን ብዮዛበራዊ መሳርሒታትን ዝተሰነየ ኤግዚብሽን ኣቕሪቦም።

ካልእ፡ ብሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ጨንፈር ዞባ ደቡብ'ውን፡ ካብ ዓሳ ጥዑም ማይ ከመይ ገይርካ፡ ከም ብሽኮቲ፡ ዲኤም.ኪዩ፡ ቀመም ኣልጫ፡ መረቕ ደርሆን ካልእን ዝኣመሰሉ፡ ንዓበይትን ቈልዑን ዝኾኑ ልዑል መኣዛዊ መግቢ ከምእተዳሉ ዝሕብር ፍርያት ቀሪቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ከባቢ ሲሃማ ስጋሌት፡ ካብ ዓርቢ ጀሚሩ፡ ምሸታዊ ንስዒታት ዝቐጽል ዓበይቲ ስነጥበባውያን ዝተሳተፍዎ ናይ ምዝንጋዕ ምርኢት ይካየድ ኣሎ።



ስነ-ጥበባዊ ያፌት ሃብተገርግሽ





ስነ-ጥበባዊ መትከል የማነ



ስነ-ጥበባዊ ክፍለ ተኸለማርያም


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

የሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ፈንቅል ቅኑዕ ሕርያ!















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ- ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ክብሮም ጸሃየ

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ስርሒት ፈንቅል፡ ስርሒት ትኽል ንቕል




**ስምኦን ወልደሚካኤል**

ስርሒት ፈንቅል ወተሃደራውን ስለያውን ብቕዓት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ከም ዝበጽሐ ብዝበለጸ ዝሓበረ ስርሒት እዩ። ናይ ሳሕል ስትራተጂ ኲናት ኣብ ኣኽራናት፡ ጎላጉል፡ ኣብ ድፋዕ፡ ኣብ ውሽጢ ጸላኢ፡ ኣብ ምድሪ፡ ኣብ ባሕሪ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝሃንደሶ ስርሒታት ብዓወት ምኽንባቱ ቅኑዕነቱ ኣመስኪሩ'ዩ። ብናይ ምብራቕን ምዕራብን ወተሃደራዊ ትምህርቲ ዝዘቕበቡን ብኽልተኡ ደንበታት ዝተመኽሩን ኣዘዝቲ ኲናት ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ሳሕል ዝተማህረን ዝተሳሕለን ተጋዳላይ ዝፈሓሶ ፍሕሶ ክፈትሕዎ ኣይከኣሉን። ይትረፍ ክፈትሕዎ ኣተኣላልማኡ፡ መጀመርታኡን መውዓሊኡን'ውን ኪኖ ምርድእኦም ኮይኑዎም። ናይ ሳሕል ስትራተጂ ከምቲ "ሰብን መሬትን ብብቑሩብ ሓራ ምውጻእ" ዝበሎ ካብ ጸላኢኡ እናዓጠቐ፡ ሓይሊ ጸላኢ እናጸንቀቐ፡ ሓይሉ እናነደቐ ጸሓይ ሓርነት ኣብ መላእ ኤርትራ ኣብረቐ። ጸልማትን ድነን መግዛእቲ ዝወደቐ መሬት ኤርትራ፡ ጨራታት ጸሓይ ሓርነት ዓሊብዎ ሃገር ብሃገራ በርሃው ኣቢልዋ። ስርሒት ፈንቅል ጸሓይ መግዛእቲ ኣዕረቡ፡ ጸሓይ ናጽነት ካብ ዘብረቐ ድንቅታት ሓርነታዊ ቃልስና'ዩ።

መግዛእቲ ብደለይቲ ሓርነት ተፈንቂሉ እዩ ዝድርበ እምበር ኣሰሓኮ ገይሩ ኣይእለን'ዩ። እቶም ሓርነት ዝበሃጉ ተጋደልቲ ካብ ናጽነት ዝንእስ ኩሉ "ጎደሎ መኣዲ'ዩ" ብምባል ኣይተቐበልዎን። ንመግዛእቲ ዝወሃቦ መመኽነይታ ዘይሰምዕ፡ ብሓይሊ መግዛእቲ ዘይርዕድ፡ ብመከራ ዘይጸዓድ ወለዶ ገድሊ ሳላ ዝተፈጥረ እቲ ሽኻሉ ኣዕሚቑ ዝተተኽለ መግዛእቲ ተማሕዩ። ተፈንቂሉ። ከምቲ ብትምኒት ስርናይ ዘይሕፈስ፡ ሓርነት ከኣ ብሃረርታ ጥራይ ኣይትርከብን እያ። መግዛእቲ ብልማኖ ኣይከይድን'ዩ። ገዛእቲ ገዚኦም ኣይርብርቡ፡ ኣይመንዉ፡ ኣይጸግቡ። ግዙእ ክንዲ'ቲ ዝኽእሎ ክግዛእ ዝጽበ ንሕስያ ኣልቦ እዩ። ስርሒት ፈንቅል መግዛእቲ ክፍንቅል፡ ሓርነት ክተክል እዩ ተሓሲቡን ተተግቢሩን። ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ኣኽራናት ሳሕል ወሪዱን ካብ ስርሒት ኣሶሳ ማእከል ኢትዮጵያ ተመሊሱን ነቲ ኣብ ጎላጉል ሰምሃር ዓሪዱ ንባጽዕን ጽርግያ ባጽዕ-ኣስመራን ዘውሕስ ዝነበረ ገዚፍ ሓይሊ ኣጋርን መካናይዝድን ዘቃብጸሉ ምድረ-ማያዊ ስትራተጂ ንኣዘዝቲ ደርግ ኣዕንዚዙዎም እዩ። እቲ ካብ 8-10 ለካቲት 1990 ዝተኻየደ ስርሒት ናይ መወዳእታ ዕላማኡ ንሰራዊት ጸላኢ ምስዓርን ምቕታልን ኣይነበረን። ዕላማኡ መገዲ ሓርነት መላእ ኤርትራ ምስፋሕ'ዩ።

ብሪጋዴር ጀነራል ጥላሁን ክፍለ ኣዛዚ 606 ኮር ሓደ ካብቶም ኣብዚ ስርሒት ዝተማረኹ 8000 ወተሃደራት ደርግ እዩ። ንመጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ንምክልኻል ኩሉ ክገብሮ ዝኽእል ገይሩ ከም ዘይከኣለ ዝሓበረ ምሩኽ ብሪጋዴር ጀነራል ጥላሁን ክፍለ "ብዙሕ ውግኣት ርእየ'የ። ንመጀመርያ ግዜ ስዕረት ዘጋጥመኒ ዘሎ ኣብዚ ግንባር እዚ'ዩ። ናይ ምውጋእ መንፈሰይ ዘጥፋእክሉ ግንባር ስለዝኾነ ተንኪፉኒ" ብምባል ተኣመነ። ንተቓላሲ ባህሪ ኤርትራውያን ክገልጽ እንከሎ ከኣ "ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብንእስነቱ ካብ ገዛኡ ናይ ተቓላሳይ ባህሪ ስለ ዘጥርን ንኽዕወት ድሕር ስለ ዘይብልን ናይ ኤርትራውያን ተዋጋእቲ ኲነታት ምስቲ ናይ ካልኦት ከባቢታት ኲነታት ፈጺሙ ዝመሳሰል ኣይኮነን" በለ። ካልእ ኣብቲ ስርሒት ዝተማረኸ ብሪጋዴር ጀነራል ዓሊ ሓጅ ዓብዱላሂ ኣዛዚ 3ይ መካናይዝድ ክፍለሰራዊት ከኣ "ሰራዊትኩም ቅልጡፍ ናይ ምጉዓዝ ክእለት ዘለዎ፡ እቲ ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ በቲ ዝነበሮ ቅልጣፈ፡ ኣተኣላልያ ኣዘዝቲ፡ ኣጠቓቕማ ከቢድ ብረት ብሓቂ ብግቡእ ዝተወሃሃደን እኹል ልምምድ ዝተገብረሉን ምዃኑ ክምስክር እኽእል" ብምባል ምስክርነቱ ሂቡ። ቅልጣፈ ኣብ ኲናት፡ ብመሰረቱ ውጽኢት ንጻረን ጽፈትን ውጥን፡ ናይ ምምራሕ ክእለት ኣዘዝቲ ከምኡ ከኣ ድልውነትን ተዋፋይነትን ተዋጋእቲ እዩ። ህዝባዊ ሰራዊት ሽቶኡን ዕላማኡን ነጺሩ ይረኣዮ ስለ ዝነበረ እዩ ንደርጋውያን ብዘዕንዝዝ ፍጥነት ዝሸኾኾ። ጎያዩ እግሪ ስለ ዘለካ ጥራይ በቲ ዝድለ ፍጥነት ኣይትጎይን ኢኻ። ኣብ ሂወት እቲ መዓርፎኡ ዝፈልጥ'ዩ ዝሰልጥ።

መዘና ኣልቦ ሓይሊ፡ መዘና ኣልቦ ስርዓት፡ መዘና ኣልቦ ንያት፡ መዘና ኣልቦ ትብዓት፡ መዘና ኣልቦ ብልሓት፡ መዘና ኣልቦ ለውሃት ተጋደልቲ ተሓዋዊሱ ንመግዛእቲ ካብ ሱሩ ፈንቂሉ ናጽነት ተኺሉ። ህዝባዊ ሰራዊት ንሱር መግዛእቲ ንምእላይ ካብ ኣኽራናት ሳሕል ናብ ጎላጉል ሰምሃር ወሪዱ ተዋጊኡ፣ ኣብ ነኣሽቱ ጀላቡ ተሰቒሉ ምስ ዓበይቲ መራኽብ ገጢሙ። ስርሒት ፈንቅል፡ ነቲ ዝነበረ ናብ ዘይነበረ፡ ነቲ መንቃዕረሪ ክሳዱ ዘድነነ ስርሒት እዩ። ተጋደልቲ፡ መወልዲ ናይታ ንመላእ ኤርትራ እተብርህ ናጽነት ኪኖ ቀጣን ስጋለት ከም ዘላ ኣሚኑ ነቲ ሓዊ ዘፍስስ ዝነበረ ጽዉድ ኣጽዋር ከም 'እንቛዕ ድሓን መጻእኩም' ዝበሎም ነጻጊ ዕንበባ ቀጺሮም ጠኒኖም። ነታ ቀጣን መገዲ እናተኮሱን እናተተኮሱን ሰንጢቖማ። ዓወት ስርሒት ፈንቅል ነታ ተሰጉዲማ ክትዕዘብ ዝጸንሐት ዓለም ኣገሪማ "ወይለይ" ከኣ ኣበላ።

ስርሒት ፈንቅል ኣብ 1560




ትርብዒት ኪሎሜተር ዝተኻየደ ሰፊሕ ስርሒት እዩ። እቲ ኣብ ኤርትራ ዝተተኽለ መግዛእቲ ሱሩ ኣብ ምድሪ ጥራይ ስለ ዘይነበረ እቲ ስርሒት ባሕራዊ ውን ክኸውን ተገብረ። ስርሒት ፈንቅል ኣጋር፡ መካናይዝድን ሓይሊ ባሕርን ህዝባዊ ግንባር ብልዑል ውህደት ዝተዋግኣሉ ብዕብየቱ ናይ መጀመርታ ስርሒት እዩ። ተወሃሂድካ ምውጋእ ሓደ ካብ ዝበለጹ መግለጺታት ወተሃደራዊ ብቕዓት'ዩ። ንዘይደለኻያ ገረብ ክትኣልያ እንተደሊኻ ካብ ጉንዳ ዘይኮነስ ካብ ሱራ ኢኻ ትቖርጻ። እቲ ሰራውር ብምልኣት ክምሓ ከኣ ኣግፊሕካን ኣዕሚቕካን ክትፍሕር ኣለካ። ስርሒት ፈንቅል ምድረ-ማያዊ ክኸውን ዝተመርጸሉ ሱር መግዛእቲ ብዘይተረፍ ሓግሒግካ ንምጽራግ ምእንቲ ክጥዕም እዩ። ኣብ ውግእ ኣመና ምግሕታን ንመስመር ምክልኻልካ ናይ ምርቃቕ ሓደጋ ኣለዎ። ህዝባዊ ሰራዊት ተመጢጥካ ንጸላኢ ምሕናቕ፡ ተርጊእካ ምብታን፡ ኣኽቢብካ ምድሳቕ፡ ገቲርካ ምጭናቕ መሊኽዎ ስለ ዝጸንሐ ግን ኣይተጸገመን። ባሕሪ ርእዩ ዘይፈልጥ ተጋዳላይ ባሕሪ ጨዲዱ፣ ኣብ ኩተማ ተዋጊኡ ዘይፈልጥ ከኣ ብውግእ ኩተማ ሓሪሩ። ኣብዚ ናይ ትኽል ንቕል ስርሒት ዝተራእየ ልዑል ትብዓትን ረቂቕ ብልሓትን ተጋዳላይ ኤርትራ ናይ ኩሉ እዋን ጅግና ኮይኑ ክኑብር ዘኽእሎ ኩብሪ ኣጎናጸፎ። ጅግንነት ክበሃል እንከሎ ትብዓት፡ ብልሓትን ሓልዮትን በብልክዕ መጠኖም ብምድዋስ ዝርኩብ ክብሪ እዩ። ትብዓት፡ ብልሓትን ሓልዮትን ተጋደልቲ ነቶም ዘለናን መጻእቲ ወለዶታትን ኤርትራ ኣብነት ኮይኑ ክቕጽል ኣለዎ። ጅግንነት ኣብ ዓውደ-ኲናት ጥራይ ኣይኮነን ዝግለጽ። ነቲ ዓቢ ዕላማ ቃልስና ዝኾነ ምድንፋዕ ሰላምን ምዕባለን ንምጭባጥ ዝገደደ ትብዓት፡ ብልሓትን ሓልዮትን ከድልየና እዩ።

ዕላማ ቃልስና ኪኖ ምብራር መግዛእቲ ዝሓልፍ ምንባሩ በታ ኣብ 1983 ብስዉእ ኢሳይያስ ጺጋይ ተገጢማ ዝተዘየመት መዝሙር "ውድብና" ተነጺሩ ኣሎ፣

ውድብና- ንዘይዝረግ ሰላም
ውድብና- ንዘይነቅጽ ለምለም
ውድብና-ንዘይጠፍእ ብርሃን
ትቃለስ ክሳብ ሃገርና ትሕደስ (2)

ሓንሳብ ምስ ረግአ ዘይዝረግ ሰላም፡ ሓንሳብ ምስ ፈልፈለ ነይነቅጽ ለምለም፡ ሓንሳብ ምስ ተወልዐት ዘይትጠፍእ ብርሃን ንምፍጣር ልዓት ብረት ዝጭብጥ ወተሃደር ተረኺቢ ኣይኮነን። ኲሉ ጠበንጃ ዝዓጠቐ ወተሃደር ክበሃል ይኽእል ይኸውን። ተጋዳላይ ንምዃን ግን ኪኖ ምዕጣቕ ኪኖ በረኻ ምስፋር ኣርሒቕካ ክትውጥን፡ ምእንቲ ሰላምን ድሕነትን ካልኦት ከኣ ነብስኻ ናብ ሓደጋ ክትሰንዱ ኣለካ። ኣብ ስርሒት ፈንቅልን ካልኦት ግጥማትን ምስ ጸላኢ እናተሓናነቑ ዝወደቑ ስዉኣት ናይ ሰላምን ምዕባለን ገንሸላት እዮም።

ዘድልየካ ክትተክል ነቲ ዘየድሊ ክትነቅል ግድን'ዩ። ጻህያይን እኽልን ኣብ ሓንቲ ግራት ብሓባር ክዓብዩ ዝፈቅድ ሓረስታይ ንቐውዑ ዝረኽቦ የብሉን። ህዝቢ ኤርትራ ናጻ ሃገር ክተክል ምስ ነቐለ መግዛእቲ-ናይ ጻዕዳ ይኹን ናይ ጸሊም- ክቡርቆቐ ከም ዘለዎ ኣይተደናገረን። መግዛእቲ ኣባሪሩ፡ ሓድጊ መግዛእቲ ውን ኣብ መጻኢ ምቹእ ኩነታት ረኺቡ ከይጥጥዕ'ሞ ንተኽሊ ናጽነቱ ዝሓንቕ ሓረግ ከይከውን ነቒሕሉ'ዩ። ንመግዛእቲ ኣካሉን መንፈሱን ንምብራር መሪር ቃልሲ ተኻይዱ። ሓርነታዊ ቃልስና፡ ምድረ-ባሕሪ ኤርትራ ንናጽነት ኤርትራ ዝጻባእ፡ ንኤርትራውነት ዝድንድን፡ ንባህላዊ ውርሻና ዘዐኑ ከምኡ ከኣ ንዝሓለፈ መስተንክራዊ ጅግንነት ዝሸፍን ጻህያይ ከም ዘየብቁል ጌሩ ዘጽረየ ቃልሲ'ዩ። ቃልስና ሓደ መዳያዊ ኣይነበረን፣ ኩለንተናዊ እምበር።

ንስርሒት ፈንቅል ዝኽሪ ክንገብረሉ እንከለና ዝኽርና በቲ ውግእ ጥራይ ኣይኮነን ዝበሓት። ኣብቲ ውግእ ዝተራእየ ትብዓት፡ ብልሓትን ሓልዮትን በቲ ሓደ፡ ዓቢ ዕላማ ናይቲ ውግእ ከኣ በቲ ኻልእ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ነቲ ዕላማ ንምግስጋስ ሂወት ብምልጋስ በጃ ዝሓለፉ ሰዉኣት። ዝኽሪ ንዝሓለፈ ክብሪ'ኳ እንተኾነ ጥቕሙ ንቶም ዝዝኽሩ እዩ። ንቶም ብጅግንነት ተዋጊኦም ዝወጹን ዝሓለፉን ንዘፈጸምዎ ጅግነት ምዝካር፡ ክብርን ኣፍልጦን ምሃብ ሓይሊ፡ ተስፋ፡ ድርኺት እዩ ዝህበና። ጸሓይና ዘብረቑ ጀጋኑ ወትሩ ይዘከሩን ይኸበሩን።

### ፈንቅል

ድሕሪ ነዊሕ ስቓይ
መግዛእቲ ንምእላይ
ኣብ ኣኽራናት ሳሕል
ጸጊቡ ሕለቱ
ዉፉራት ኣሕዋቱ
ዓዲ ንኸእቱ
ጉታ'ይሉ ከቲቱ።
ኪንዮ ቐጣን ስጋለት
ከም ዝህሉ መስተርሆት
ኣስተብሂሉ ጠሚቱ
ወሲኑ።
　ዝግበር ክገብር
　ባህጊ ህዝቡ ከስምር
　ተጸበይቱ ጽቡቕ ንኽርእዩ
　ካብ ጎቦ ወሪዱ
　ኣብ ጎልጎል ዓሪዱ።
　ካብ ጻትት ንጻት ዓለም
　ኩላ ገሪምዋ
　ናይ ዳዊትን ጎልያድን
　ስግንጢር ዝመስል
　ትእምርቲ ሰሪሑ።
　ብዘይ ዝናብ ከም ዝሸወት
　ብዘይዘራይ ከም ዝዕወት
　ምሂሩ ብግብሪ
　ኣትዩ ርእሲ ምድሪ

ሃብቶም ወ/ዮሃንስ (ሽሪፍ)

(5ይ ክፋል)

# ስርሒት ፈንቅል

## “ስርሒት ፈንቅል፡ በሪ ምሉእ ሓርነት ዘርሓወ፡ መግዛእቲ ፍርቂ ዘመን ዝፈንቀለ፡ መስተንክር ጅግንነታዊ ፍጻመ እዩ።”

**ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ**

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ቀቅድሚ ስርሒት ፈንቅል ዝነበረ ኩነታት፡ ዓቕሚ ወገንን ጸላኢን ዘጸጸር ኣሃዛት፡ ስርሒት ፈንቅል ንምትግባር ዝተሳእለ ወጥን ብዝርዝር ኣቕሪብና ኔርና። መቐጸልታኡ ይስዓብ።*

### ኣፈጻጽማ መጥቃዕቲ

ብመሰረት ዝወጸ ወጥን፡ ናይ ዜሮ ሰዓት፡ ናብ ሸሞንተ ለካቲት 1990 ዘውግሕ ሰዓት 1፡00 ናይ ለይቲ ነበረ። ሃንደበትነት ንምርካብ ድማ፡ እቲ ውግእ ብኣጋር ሰራዊት ክጅመር፡ መካናይዝድ ኣጸዋሪት፡ ኣብ ማይ-ኣለን ገርሰለን ኣድኒቡ ጸኒሑ፡ ተኸተሊ ምስ ጀመረ ብልዑል ፍጥነት ናብ ዝተመደበሉ ሸቶታት ተወንጪፉ ክርከብ ተመዲቡ ነበረ። ናይ ዜሮ ሰዓት፡ ብቐንዱ ንመላግቦ የማናይን ጸጋማይን ኣንፈት መጥቃዕቲ ማለት፡ ነቲ ብየማን ዝነበረ ክልተ ኣንፈታት መጥቃዕትን ነቲ ኣብ ታባ ከንቴባይ ከጥቅዕ ዝተመደበ ሓደ ክፋል ናይ ሳልሳይ ኣንፈት መጥቃዕትን ጥራይ'ዩ ዝምልከት ዝነበረ። ካብኡ ንጸጋም ዝተሰለፈ ሓይልታት ግን፡ ተኸተሊ ምስ ተኸፍተ ናብ ዝተመደቦ ቦታታት ክቕረቡ ጸኒሖም ምዕባለታት የማናይ ክንፊ ገምጊሞም፡ መጥቃዕቶም ክጅምር'ዩ ተወሲኑ።

### ቀዳማይ መዓልቲ - 8 ለካቲት 1990

ኣብ ቀዳማይ ገጽ መጥቃዕቲ፡ ማእከል ስሕበት ናይቲ ዝተኻየደ ውግእ፡ መኣዘዚ ቦታ ሻዱሻይ ክፍለጦር ዝነበረ መዓስከር ዓድኸለ ነበረ። ኣብ ዓድኸለ ዝተኻየደ ግጥም ንኹሉ ኣንፈታት መጥቃዕቲ ወሳኒ ብምንባሩ፡ ብልዑል ቅልጣፈን ጽፈትን ክፍጸም ነይሩዎ። በዚ መሰረት፡ ብ7 ለካቲት ኣጋምሸት፡ መሪት ዓይኒ ምስ ሓዘ ኣብ ካልኣይ ኣንፈት መጥቃዕቲ ዝተመደባ ሰለስተ ብርጌዳት ናይ ክፍለሰራዊት 85፡ ምስ ሓደ ብርጌድን ሓደ በጦሎንን ናይ ክፍለሰራዊት 70፡ ካብ ሩባ ቅንጽል ተበጊሰን፡ ብሩባ ኣቢለን ብመንገ ዕርዲ ጸላኢ ብስቱር መገዲ ሰሊኾን ድሕሪ ምሕላፍ፡ እቲ ሓደ ብርጌድ ክፍለሰራዊት 70 ንጸጋም ተዓጺፉ፡ ኣብቲ ናይ ዜሮ ሰዓት፡ ኣብ ስትራተጂያዊ ታባ ከንቴባይ ተኸተሊ። ብምኽፋት፡ ዝ. ድልዱል ዕርድታት ዝበሮ ከበ. ብሸነኽ ምብራቕን ደቡብን ኣጥቂዑ ተቘጻጸሮ። ብርጌድ 22 ክፍለሰራዊት 85 ከኣ፡ ኣብ ሸባሕ ዓራዱ ንዝበረ ሰራዊት ጸላኢ ብድሕሪኡ ኣጥቂዓ ነቲ ቦታ ተቘጻጸረቶ። ኣብ ከበ. ከንቴባይ ተኸተሊ ምስ ተኸፍተ፡ ጸላኢ፡ ካብ ዓድኸለ ንረዳት ብታንክታት ዝተሰነየ ሓደ ብርጌድ ናብ ከበ. ፍግረት ኣንቀሳቒሱ። እዚ ምንቅስቓስ'ዚ ኣቐዲሙ ዝተገመተ ኮይኑ፡ ብርጌድ 22 ናይ ክፍለሰራዊት 85ን ብርጌድ 81 ናይ ክፍለሰራዊት 61ን ምስቲ ዝተንቀሳቐሰ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ከቢድ ግጥም ኣተዋ።

ኣብ ከበ. ፍግረትን ከንቴባይን ውግእ እናተኻየደ እንከሎ፡ እተን ዓድኸለ ከጥቅዓ ዝተመደባ ክልተ ብርጌዳት ናይ ክፍለሰራዊት 85 ግና ኣብ ጉዕዞየን ነይረን። ኣብ ዓድኸለ ዝነበረ ምክትል ኣዛዚ 6ይ ክፍለጦር ምሉእ ኣቓልቦኡ ናብቲ ውግእ ዝተኸፍተሉ ከበ. ከንቴባይ እንከሎ ድማ፡ ክልተ ብርጌዳት ናይ ክፍለሰራዊት 85 (18ን 82ን) ሃንደበት ንመኣዘዚ 6ይ ክፍለጦርን መዓስከር ዓድኸለን ብዝተፈላለየ ኣንፈት ስለዘጥቅዓኦ፡ እቲ ኣዛዚ ምስ ኩሉም ስታፋቱን ሰዓቱን ብዘይ ገለ ተቓውሞ ተማረኸ። ኣብ መወዳእታ ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 85ን 61ን፡ ኣብቲ ከበ. ዓስኪሩ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ጸራሪገን ከበ. ሰዓት 3:00 ናይ ለይቲ ንመዓስከር ዓድኸለ ምሉእ ብምሉእ ተቘጻጸራኦ። ዓድኸለ እቲ ቀንዲ መኣዘዚ ቦታ ብምንባሩ፡ ምትሓዝ ናይቲ ቦታ ጸላኢ እዚ ከም'ኡ'ውን ቀጻጸር ከም ዘጥፍኦን ተብታቲኑ ከም ዝሃደምን ዝገበረ እዩ። ነቲ ብኣርባዕተኡ ኣንፈታት መጥቃዕቲ ዝተንቀሳቐሰ ሓይልታት ወገን ከኣ ዓቢይ ብስራት ነበረ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብሸነኽ የማን ተንቀሳቒሰን ጽርግያ ሸባሕ ጋሕቴላይ ብምኽፋት፡ ኣጻዋር መካናይዝድ ኣሃዱ ብርጌድ 63 ዝኣትወሉ ቦታታት ኣጣጢሐን ናብ ኣጻድፍ ሰሜናዊ ባሕሪ ብምሕኳር ጽርግያ ፍልፍል ሰለሙና ክዕጽዋ ተልእኾ ዝተዋህበን ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 61፡ ኣብ ከበ. መንተብለ ውግእ ጀሚረን፡ ኣብ ኣፍ-ገርገርን ከበቡኡን ዝነበረ ዕርድታት ጸላኢ ብምፍራስ፡ ኣብ ማሪት ዝነበረ መኣዘዚ ቦታ ድሕሪ ምቁጽጻር፡ ናብ ክሳድ ጽሓፍላምን ደብረማዕርን ሓኹረን፡ ብሰሜናዊ ባሕሪ ክወርድ ዝኽእል ሓይሊ ጸላኢ ክየግታሉ ዝኽእላ ቦታታት ኣጽኒዐን ሓዛ። እቲ ወቕቲ ክረምቲ ባሕሪ ብምንባሩ፡ ነተን በዚ ኣንፈት መጥቃዕቲ'ዚ ዝተንቀሳቐሳ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ሓያል ግመን ዒፍዒፍታን ጸልማትን ተደማሚሩ ከቢድ ባህርያዊ ዕንቅፋት'ዩ ገጢሙወን። እንተኾነ ብሓያል ኒሕ፡ ንውሕ ዝበለ ሰዓታት ወሲደን፡ ነቲ ዘጋጠመን ባህርያዊ ዕንቅፋት ሰጊረን ዝተዋህበን ሸቶታት ጨበጣ። ከምቲ ዝተገመቶ ድማ፡ ጸላኢ ካብ ከበ. ምራራ ምስ ዘበርሶ ረዳት ሓይሊ ተራኺበን ጸፈዐን ንድሕሪት መለሳኦ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ገለ ክፋል ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 61፡ ማስመር ሸባሕ ጋሕቴላይ ሓሊፈን ንቕድሚት ብምኽኣስ፡ ምስተን ብጸጋም ዝበራ ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 85 ተኣሳሲረን ኣብ መትከልኣቤት ዝጸንሐ መዓስከር ደምሲሰን ብዓቢይ ወዑይ ሰብርጎማ ኣቢለን ናብ ጊንዳዕ ኣምርሓ።

ድሕሪ ምቁጽጻር መዓስከር ዓድኸለ፡ ጸላኢ ነቲ ኣብ ጋሕቴላይ ኣሰፊሩዎ ዝነበረ መካናይዝድ ብርጌድ 29 ብምንቅስቓስ ንዓድኸለ ደጊሙ ንምቁጽጻር ሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ እኳ እንተ ፈነወ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ተሪሩ ድሕሪ ምምካት፡ መጥቃዕቱ ብምቕጻል፡ ነቲ ዝመጸ ረዳት ሓይሊ ዘረረ። መካናይዝድ ብርጌድ 29 ድማ ታንክታቱ ዛሕዚሑ ኣለን ንድሕሪት ክሃድም ተቐሰበ። ብ8 ለካቲት ቅድሚ ቐትሪ ድማ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ዝቐረም እናቐረማ ግስጋሰኤን ንጋሕቴላይ ቀጸላ። እዚ እናኾነ ጸላኢ ካብ ከበ. ኣስመራ ተወሳኺ ሰራዊት ብሀጹጽ ናብ ጋሕቴላይ ኣንቀሳቒሱ። ፍርቂ መዓልቲ ድማ እቲ ረዳት ሓይሊ ጋሕቴላይ ኣተወ። ብዘይካ'ዚ ጸላኢ ኣብ ከበ. ምጽዋዕ ኣሰፊሩዎ ዝበረ መካናይዝድ ሓይሊ ናብ ደግደግታን ጋሕቴላይን ብምንቅስቓስ ብታንክታትን ጸረ-ታንክ ሚሳይላትን ምክልኻሉ ክየልድል ፈተነ።

ኣብ ቅድመኣን ዝጸንሐን ሓይሊ ጸላኢ እናኸውበቓ ድሕሪ ቐትሪ ናብ ጋሕቴላይ ዝተጸምሞማ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ሰዓት 3፡00 ድ.ቀ. ኣብ ጋሕቴላይ ብመካናይዝድ ሓይሊ ዝተደገፈ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈነዋ። ጸላኢ እውን ጋሕቴላይ ተታሒዙ ማስመር ኣስመራ ምጽዋዕ ከይብተኾ ኣትሪሩ ክፀክት ፈተነ። ይኹን'ምበር ነቲ ኣዝዩ ዝተዋሃሃደን በርቃውን መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ክጻወሮ ኣይከኣለን። ድሕሪ ኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ዝወሰደ ብርቱዕ ውግእ ድማ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ጋሕቴላይ ተቘጻጸራኦ። ጸላኢ፡ ሬሳታቱን ንብረቱን ዛሕዚሑ ኣሊሉ ኣብ ክልተ ተጓዚዙ፡ ገሊኡ ንደግደግታ ገሊኡ ድማ ንሰብርጎማ ንሸነኽ ኣስመራ ገጹ ሃደመ።

እዚ ዝተጠቕሰ ብርቱዕ ውግእ ብየማናይ ክንፊ እናተኻየደ እንከሎ፡ እቲ ብጸጋማይ ክንፊ ብንኣገል ብቶጥታ ናብ ምጽዋዕ ክሰጉስ ተልእኾ ዝተዋህቦ፡ ኣስታት 30 ታንክታት፡ ከበድቲ ረሻሻትን መዳፍዕን ዝሓዘ፡ መካናይዝድ ዝዀበለሎ ዓቢይ ክፋል ህዝባዊ ሰራዊት፡ ማለት ክልተ ብርጌዳት ናይ ክፍለሰራዊት 70፡ ከም'ኡ'ውን መካናይዝድ ብርጌዳት 23ን 34ን ናይ ክፍለሰራዊት 74፡ ኣብ የማናይ ክንፊ ተኸተሊ ኣብ ዝተጀመረሉ ሰዓት ካብ ማይ ኣዋልድ ኾፈሉ ብፍጥነት ነዊሕ ተጓዒዙ፡ ናብ ዕርድታት ጸላኢ ተጸግዐ። ልክዕ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ጸላኢ ነቲ ብየማናይ ክንፊ ንዓድኸለ ዘጥቅዕ ዝበረ ሓይልታት ወገን ብድሕሪት ተጠውዩ ብምጥቃዕ ከም ዝምለስ ንምግባሩ፡ ክልተ ታንከኛ ብርጌድ ዝርከቦ ግዙፍ ሓይሊ ካብ ዶጋሊ ንማይ-ኣዋልድ ገጹ ኣንቀሳቒሱ። ሾካት-ቀይሕ (ብራኸ 120) ዝተባህለ ቦታ ሓሊፉ ኣብ ዝግስግሰሉ ዝበረ ድማ፡ ሾሞንተ ለካቲት ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቐትሪ ምስቲ ናብ ዕርድታት ጸላኢ ክግስግስ ዝወዓለ ወገን ተራኺቡ፡ ኣብ ከቢድ ግጥም ኣተወ።

ኣብዚ ውግእ'ዚ እተን ብርቱዕ ደገፍ መካናይዝድን ጸረ-ታንክ ሚሳይላትን ዝነበረን ክልተ ብርጌዳት ናይ ክፍለሰራዊት 70፡ ኣድኒበን ብምጽናሕ፡ ጸላኢ ዝፈነዎ መጥቃዕቲ ተሪረን ድሕሪ ምምካት፡ ብኡ ንብኡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ከጥቅዕ ዝተንቀሳቐሰ ሰራዊት ሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ፈንየን፡ ንድሕሪት ክሃድም ቀሰባኦ። እግሪ እግሩ እናሰዓባ ድማ፡ ናብ ሻካት-ቀይሕ ተጸግዓ። ልክዕ ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ብሸነኽ የማን ምስ ክፍለሰራዊት 85 ተሰሊፉ ንከንቴባይ ኣጥቂዑ ዝተቘጻጸረ ናይ ክፍለሰራዊት 70 ሓደ ብርጌድ ንጸጋም ነዊሕ ተጓዒዙ፡ ናብተን ክልተ ብርጌዳቱ ማለት ናብ ሳልሳይ ኣንፈት መጥቃዕቲ ተደረበ። ሽዑ ምሸት ድማ ድሕሪ ብርቱዕ ውግእ ንሻካት-ቀይሕ ተቘጻጸርዋ ሓደሩ።

ጽርግያ ኣስመራ-ምጽዋዕ ኣብ ጋሕቴላይ ድሕሪ ምብታኹ፡ እቲ ውግእ ናብ ክልተ ኣንፈት ቀጸለ። ሽዑ ምሸት ካብ ጋሕቴላይ ንሸነኽ የማን መጥቃዕቶን ዝቐጸላ ኣሃዱታት ኣብ ከበ. ሰብርጎማ ዝበረ ኩጆታት ተቘጻጸረን ክሓድራ እንከለዋ፡ እተን ካብ ጋሕቴላይ ንሸነኽ ደግደግታ ዝተንቀሳቐሳ ኣሃዱታት ግን ኣብ ደግደግታ መጥቃዕቲ ክኸፍታ ፈቲየን'ኳ እንተ ነበራ፡ ከምቲ ዝደለ ኣይሰለጠንን። ደግደግታ ድማ ኣብ ትሕቲ ቀጻጸር ህዝባዊ ሰራዊት ከይኣተወት ሓደረት።

ኣብዚ ናይ ሸሞንተ ለካቲት ውዕሎ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ጉድኒ ጉድኒ'ቲ ዓጽዕ ንምሕራር ዝኸፈቶ ሓያል መጥቃዕቲ፡ ኣቓልቦ ጸላኢ ንምግዛእ ኣብ ዓረዛ - ዞባ ደቡብ - መጥቃዕቲ ኣካይዱ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ጸላኢ ድማ ከቢድ ክሳራ ኣውሪዱ።

ይቕጽል . .

ምንጪ፦
ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ቅጺ - 3
‘ፈንቅል’
መጽሔታዊ ጽሑፍ ብሰለሙን በርሀ



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09፡05 | ፊዮሪና |
| 09፡55 | ፊልም ፈንቅል (7ይ) |
| 10፡30 | ቃለመሕተት ምስ ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ብምኽንያት ስርሒት ፈንቅል (1ይ) |
| 11፡00 | ማእገር |
| 13፡00 | ፊልም ፈንቅል (8ይ) |
| 13፡40 | ሞዛይክ |
| 16፡30 | እንዳዝሞም |
| 17፡05 | ፈንቅል |
| 17፡40 | ቃለመሕተት ምስ ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ብምኽንያት ስርሒት ፈንቅል (2ይ) |
| 18፡15 | ህርመት |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡13 | ሰት ተም እትመት |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ዶክመንታሪ |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ኣድኣት ፈንቅል |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |

(ሰኑይ )

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡02 | ፍኖተ-ሂወት |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | ዕላል ጥበበት |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | ሄሎ-ደባይዋ |
| 15፡30 | ዶክመንታሪ |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ሌላ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡40 | ደረት ቃና |
| 19፡10 | ዶክመንታሪ |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ደሃይ-ሕትመት |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ኣድኣት |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ካብዝን ካብትን


ሃብተሚካኤል ዑቕባስላሴ

## ምንባብን ፍልጠትን

ኣብ'ዚ ዓለምና ቅልጡፍ ምዕባለ ተርእየሉ ዘሎ ግዜ ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ ወይ ሞያ ንኸሉ ግዜ ጠቓሚ ኰይኑ ክነብር'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ግጉይ እዩ። ኣብ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ስራሕ ዘጥረናዮ ሞያ እሞ ኸኣ ንብዙሕ ዓመታት ክንጥቀመሉ ዝጸናሕና ፍልጠት ካብ ኣገልግሎት ወጺኡ ናይ ምኳን ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዘመን-ሓበሬታ፡ ዕውቃትን ተወዳደርትን ክንክውን፡ ንዘለና ወይ ዝረኸብናዮ ፍልጠት ቀጻሊ ብምንባብ ከሐድሶን ተወሳኺ ፍልጠት ክንድልብን ይግባእ። ከምኡ ምስ እንገብር ጥራሕ ከኣ'ዩ ምስ'ዚ ቅልጡፍ ምዕባለ ዓለም ማዕረ ማዕረ ክንከይድ እንኽእል።

ሓደ ብዓል ሞያ ኣብ ሞያኡ ዘዘኽረ ሓገዝቲ ዝኾኑ ጽሑፋት ምስ ዘንብብ፡ ብምንባብ ፍልጠቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምስ'ዚ ዘሎ ምዕባለ እንተ ዘማዓራርዩ፡ ካብ'ቲ ሞያኡ ኣዝዩ ክርሕቐን ድሕሪት ክተርፍን ግድን እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት፡ ብዛዕባ ምንባብ ኣብ ዝዘረበሉ ግዜ ተንቢብ'ዶ? ኢልካ ምስ እትሓትት፡ ከዮንብብ ንምንባብ ዝኸውን ግዜ የብለይን እናተባህለ ብብዙሓት ዝወሃብ መልሲ ኣሎ። ግደ ሓቂ ግና፡ እቲ ምኽንያት ናይ ግዜ ምስኣን ኣይኮነን። ከመይ'ሲ እቲ ኣዝዩ ናይ ስራሕ ጻዕቂ ዘለዎ ሰብ'ውን እንተኾነ፡ ይውሓድ ይብዝሕ ንምንባብ ዝኸውን ግዜ ኣይሰእንን እዩ። እንተ ደኣ ግዚኡ ብጥበእ ወዲቡን ተጠቒሙሉን፡ ንዝተረኽበ ትርፊ ግዜ ጠቓሚ ኣብ ዝኾነ ነገር ኣብ ክንዲ ዝውዕል፡ ቁም-ነገር ኣብ ዘውሓዶ፡ ኣብ በለካን ለኽፎትን እዩ ዝሃሞኽ። ትርፊ ግዜ ኣብ ግቡእ መዓላ እንተ ዝውዕል፡ ንምንባብ ጥራይ ዘይኮነ መጽሓፍ ንምጽሓፍ እውን ዝእክል እዩ።

ስለ'ዚ ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ኣብ ፖለቲካ፡ ቁጠባ፡ ባህሊ፡ ንምዕባይ፡ ብሓፈሻኡ ከኣ ንዓለምና ንምክትታልን ምስ ግዜ ንምጉዓዝን ብቐጻሊ ምንባብ የድሊ።



## ብሉጽ ዕርክነት ንምጥራይ



• **ቅኑዕ ሰብ ምኳን፦** ቅኑዕ ሰብ ብምኳን እወታዊ ኣተሓሳስባ ይሃልኻ፡ ኣብ ጉዕዞኻ ፍሽኽታ ኣዘውትር። ምኽንያቱ ፍሽኽታ ፍቕሪ'ዩ፡ ኣብ ህይወትና ምንጪ ኩሉ ጽቡቕ ነገር'ዩ። ንሓደ ሰብ ድማ ኣብ ናይ ሓጺር ግዜ ሌላ ዘይምፍራድ፡ መጀመርታ ኣገረምቲ ኰይናም ዝረኸብኩዎም፡ ድሒርም ካብ ትጽበ'ትካ ንታሕቲ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም።

• **እኹል ግዜ ምውዳብ፦** ኣብ ሓገሳን ዓወትን ጓህን ተሰፋ ምቕራጽን ናይ ካልኦት ምክፋል ኣገዳሲ እዩ። ዕርክነት ከም ሓንቲ ተኽሊ ንክዕንብብን ንክሰስንን ማይ ምስታይን ምኽንኻንን የድልዮ እዩ - እዚ ኸኣ ግዜ ዝወስድ እዩ።

• **ንቑዕ ሰማዒ ኩን፦** ካልኦት ክዛረቡ ኸለዉ፡ ጸን ኢልካ ስምዓዮም። ጸን ዝበሉ ንፋዓት ሰማዕቲ ብቐሊሉ ኣዕሩኽ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ምስ ካልኦት ሰባት ክትዛራረብ ከሎኻ ኣብ ስምዒቶም ብሕታዊ ተገዳስነት ኣርኢ። ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ንኽዛረቡ ኣተባብዖም። ንኽተኽብሮም ተበገሶ ወሰድ። ድሕሪ'ዚ ምሳኻ ክቐርቡ ክደልዩ እዮም። ኣብ ዝኾነ ይኹን ዕላል ትዕበልል እንተ ደኣ ኼንካ ወይ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻ ብተደጋጋሚ ትዛረብ እንተ ደኣ ኼንካ ዝሰምዓካ ወይ ብዛዕባ ስምዒታትካን ድሌታትካን ዝሓሊ ሰብ ንምርካብ ክኸብደካ እዩ።

• **ይቕረ ምባል፦** ናይ ሓቂ ዕርኪ ንንኣሽቱ ጌጋታት ሸለል ኢልዎ እዩ ዝሓልፍ። ይቕረ በሃልቲ ኣዕሩኽቶም ዓቒቦም እዮም ዝነብሩ።

• **ልግሲ ምዝውታር፦** ዕርክነት ብልግሲ እዩ ዝሸሸኩ። ንኣብነት፡ ንኻልኦት ብቓላትካ ኣተባብዖም። ብቕንዕና ንምንኣድን ሃናጺ ዕላል ንምዕላልን ኣይትሰከፍ። ኣብ ድሕንነት ካልኦት ናይ ሓቂ ተገዳስነት ከተርኢ ከለኻ ናባኻ ክቐርቡ እዮም። ኣብቲ ንዓኻ ክጉበኡልካ ዝኽእሉ ነገራት ኣብ ክንዲ ምትኳር፡ ኣብቲ ንስኻ እተገብረሎም ነገራት ኣተኩር።

## ዓቕሚ ምዝካር ንምዕባይ

ፕላቶ "ኩሉ ፍልጠትና እቲ እንዝክሮ'ዩ"- ብምባል እዩ ንምዝኻር ዝገለጾ። ኣብ ዝጠዝሐ መጽናዕትታት ዓቕሚ ናይ ኣእምሮና ምሉእ ብምሉእ ከም ዘይንጥቀመሉ'ዩ ዝገለጾ። በዚ መንጽር ዓቕሚ ምዝካር ኣእምሮና (memory) እውን ደረት-ኣልቦ ምኳኑ ኢና ክንርድኦ እንኽእል።

ኣእምሮና ኣብ ናይ ምዝካር ስራሕ ምስ እንጽምዶ ናይ ምዝካር ክእለትና ዝያዳ ክሰፍሕ ይኽእል። ኣእምሮና ልክዕ ከም ናይ ጭዋዳታትና ባህሪ'ዩ ዘለዎ። ኣብ'ዚ ክንምገዞ ዝኾነ ግዱ ድኹም ወይ ዘይረብሕ ኣእምሮ ዝብሃል ከም ዘየለ'ዩ። እቲ ፍልልይ ኣብ መንገዲ ምጥቃምን ዘይምጥቃምን እዩ ዝምርኮሶ፡ ኣእምሮ ዝጠዝሐ ግዜ ንዝሰርሓ ስራሕ ዝያዳ ይዝክር።



ምስ ምድግጋም ኣብቲ ንቑሕ ክፋል ክህሉ ዝኽኣለ ጥራይ ኢና ብዝያዳ ክንዝክሮ እንኽእል። እቲ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣብቲ ንቑሕ ክፋል ኣእምሮና ክህሉ ዘይክኣለ ድማ ብቐሊሉ ክንዝክሮ ኣይንኽእልን። ኣብ ህይወትና ካብ ኣእምሮና ቀልጢፎም ክሕከኹ ዘይክሉ ብዙሓት ኣጋጣሚታት ኣለዉ። እንተኾነ ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዘሎ ናይ ምዝካር ስምዒት ዝተፈላለየ ምኳኑ'ዩ ዝሕብር። መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ደቂ ኣንስትዮ ንፍሉይ ኣጋጣሚታትን ስምዒታዊ ጦብላሕታታትን ንምዝካር ዝያዳ ደቂ ተባዕትዮ በሊሖን ንጡፋን ሓንጎል ከም ዘለወን ይግለጽ። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስምዒታውን ፍሉይ ኣጋጣሚን ናይ ምዝካር ተኽእሎአን ዝያዳ ደቂ ተባዕትዮ ምኳኑ'ዩ ዝፍለጥ።

ገለ ካብቶም ዓቕሚ ምዝካር ብኣሉታ ዝጸልዉ፦

• **ስእነት ድቃስ፦** እኹል ድቃስ ዘይምርካብ እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ምርሳዕ እዩ።

• **ኣልኮል፦** ብዙሕ ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ፡ ንሓጺር እዋን ናይ ምዝካር ክእለት ክዕንቅፍ ይኽእል እዩ።

• ጸቕጢን ጭንቀትን ድማ ናይ ምዝካር ክእለት ክጎድል ከም ዝኽእሉ እዩ ዝገለጽ።

• **ዕድመ፦** ካብ 40 ዓመት ንደሓር ደቂ ሰብ ናይ ምዝካር ክእለቶም ከም ዝንኪ ይፍለጥ።

ናይ ምዝካር ክእለት ዘሐይሉ፦

• **ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፦** ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ሓንጎል ሓደስቲ ዋህዮታት ንኸዕቢን ኒውሮትራንስሚተራት ንኽፈጥርን ክሕግዝ ይኽእል።

• **ጽቡቕ ምምጋብ፦** ፍረታት፡ ኣሕምልቲ፡ ምሉእ እኽልን ትሑት ስብሒ ዘለዎ ፕሮቲንን ዝሓቖፈ ጥዑና ዘለዎ ኣመጋግባ ምምጋብ።

• **ዝተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ፦** ዘቢብ፡ ካውሎ ፍኖራ ሰፒናቺ፡ ምቁር ዱባን ብራሰል ስፕራውትን ከምኡ'ውን ካብ ቀመማት ማርጆራምን በርበረን። እዞም ዝተጠቐሱ ዓይነታት መግቢ እንተ ተኻኢሉ ኣብ መዓልታዊ መግብና ክንጥቀመሎም ዝተመርጸ'ዩ።

• እኹል ድቃስ ምርካብ ሓንጎል ሓበሬታ ንኽእክብ ይሕግዞ።

• **ጸቕጢ ምጉዳል፦** ሽጋራን ብኸራዊ ዝተማስርሑ መግብታትን ካብ ምውሳድ ምድራት።

## ምብህሃል ኣብ መጻምድቲ

ምብህሃል ርእሱ ዝኸኣለ ጥበብ'ዩ። ምብህሃል ኣብ መጻምድቲ ልዑል ተራ'ዩ ዝጻወት። ኣብ መንጎ ክልተ መጻምድቲ ዘሎ ባህርያዊ ፍልልይ ክንርድኦን ክንቕበሎን ግድን እዩ። ንፍልልያትና ተረዲእና ምስ እንቕበሎ ድማ ጠብናን ከይለወጥና ምስ መጻምድትና ብፍቕሪ ተሰማሚዕና ንምሉእ ዕድመና ክንቕጽል የኽእለና። ይኹን'ምበር ኣብ ዝምድናታት ዝጥመና ዘይቕበሉት ነገራት ኣይሰኣኑን እዮም። ኣብ መንጎ መጻምድቲ ዘሎ ፍቕሪ ንኽሰስን ገለ ባህርያት ክልወጥን ይቕረታ ምዝውታርን ይሓትት። ይቕረታ ምግባር ወይ ሓዳግ ምኳን ማለት ኣብ ልዕለኻ ንዝተፈጸመ በደል ምቕባል ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ሕድገት ምግባር እዩ። በዓል ድማ 'ፍጹም ኣይደግሞን እየ' ብምባል ቃል ክኣቱ ኣለዎ። መጻምድትኻ/ኺ ጌጋኡ/ኣ ክቕበል (ክትቕበል) ፍቓደኛ ኮይኑ/ና እንተ ዘይተረኸበ/ባ ብፍቕሪ ምሕባርን ንግዜኡ ተፈላሊኻ ምጽናሕን'ዩ። ኣፍሲ ወለፍና ጌጋታት ንፍጸም ኢና። ኑዩም እንፍጸሞም ጌጋታት ይቕረ ምባል'ዩ ድማ ንፍቕሪ ዝበቕዕ ግብሪ። ምኽንያቱ ይቕረ ምብህሃል ኣዝዩ ስለ ዝብርትዓና።

ይቕረ ምባል ቃንዥና ካብ ኣካላትና ከም ዝለቕቕ'ዩ ዝንብር። ብኻልእ ሸነኽ ድማ ኑቲ ዝተጋጸየ ክልወጥ ኢና ንሕግዝ። መጻምድትና ብዘይናትና ቀጥታዊ ሓገዝ ኣብ መውዳኢታ ክልወጥ ወይ ክትልወጥ ከም ዘይከኣል ክንፈልጥ ኣሎና። ኣብ ንኣሽቱ ነገራት ኣተኩርና ክንሰርሕ ሓጊዝ እዩ። ምኽንያቱ ደቀቕቲ መሰሎም ዝርኣዩ ጌጋታት'ዮም ንኽልተ መጻምድቲ ንሓድሕዶም ንኸይረዳድኡ ዝገብሩ። ብኻልእ ወገን'ውን ዝም ደቀቕቲ ጌጋታት ሕድገት ክትገብር ዝቐለለ እዩ። እቲ ምንታይሲ ካብ ዘይምፍላጥ ዝበዝሑ ስለ ዝኾኑ። መዓስ እዚ ጥራይ፡ ንንኣሽቱ ጌጋታት ይቕረ ምባል ምስ ትለምድ ኑዩም ዓበይቲ ጌጋታት'ውን ይቕረ ክትብል ኣይትጸገምን ኢኻ። ብንኣሽቱ ጉዳያት ጀሚርካ ጸሞትካ ክትፈትሕ እንተ ተበጊስካ፡ ድሕሪ ሓጺር ግዜ እቲ ክፍታሕ ዘይክኣል መሰሉ ዝረኣየካ ዝበረ ዓበይቲ ጸገማት ንባዕሉ ብቐሊሉ ክትፈትሖ ከም እትኽእል ትግንዘብ።



### ጥቕስታት

• "ዘይተፈተነት ህይወት ብቑዕቲ ኣይንታያን እያ።" - **ሶቅራጦስ**

• "እቲ ሓቀኛ ምስጢር ሓጎስ ኣብ መዓልታዊ ህይወት፡ ልባዊ ተገዳስነት ካብ ምንጽብራቕ እዩ ዘሎ።" - **ዊልያም ሞሪስ**

• "ዕድላት ባዕሎም ኣይፍጠሩን'ዮም፡ ባዕልኻ ኢኻ ትፈጥሮም።" - **ክሪስ ግሮስር**

• "ዕወታት ሰባት፡ ንኸይሰዓሩ ኣይፈርሑን እዮም። ውድቀት ኣካል መስርሕ ዓወት እዩ። እቶም ካብ ውድቀት ዝርሕቑ ሰባት ካብ ዓወት እዮም ዝርሕቑ።" - **ሮበርት ቲ ክያሳኪ**

• "ቃልሲ እንተ ዘይሃልዩ ምዕባለ የለን።" - **ፍረደሪክ ዳግላስ**

• "ኣብ ተፈጥሮ ኣዕሚቕካ ኣቓምት፡ ሽዑ ንኹሉ ብዝበለጸ መልክዕ ክትርድኦ ኢኻ።" - **ኣልበርት ኣይንስታይን**

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

# Vacancy Announcement

Project Management Unit of the Ministry of Health seeks to employ competent candidates on contractual bases for the following posts.

1. Post name : Finance Head
2. Number Required: One (01)
3. Place of Work: HQ Asmara
4. Education: B.A degree in Accounting
5. Work Experience: 5 years and above as Senior or Chief accountant
6. Skill requirement: Managing all the financial unit work activities, including Financial reporting, General Ledger accounts payable, Receivable, Payroll and other financial records.
Preparing timely financial reporting in quarterly and annual Statement in accordance with International Financial Reporting Standards (IFRS).
Establish and maintain the accounting system of the Health project.
Ensure that all the documentation concerning the financial transactions of the projects are properly recorded and maintained.
Prepare and submit necessary financial documentation to internal and external audits respond to queries as they arise.
Control and verify all supporting documents and prepare monthly bank reconciliation statements.

Ensure the availability of funds at all times and managing all project accounts.

7. Other Skill: High Computer literacy, Excel and demonstrated in database management and financial record-keeping. 8. Salary: As per the scale of the PMU/MOH
9. Age : 30 – 50 Years age
10. Sex Male or Female
11. National Service Having fulfilled or exempted and provide evidence
12. Closing Date: 7 days from the date of this announcement
13. Interested candidates are requested to submit their letters of applications, current CVs, work experience credentials and other relevant documents. All applicants should submit their documents to Project Management Unit/MOH P.O. Box 4899, Tel. 122978 and 124360 Asmara Eritrea.

1. Post Name: Finance Officer
2. Number required: One
3. Place Work: HQ Asmara
4. Education: B. A Degree in accounting
5. Work Experience: 4 years and above as an Accountant
6. Skill requirement: Performs accounting duties, such as posting of accounting transactions, Preparation of financial statement and others duties.
Establish and implement financial management and accounting system, and ensure that all accounts, including the documentation of all expenditures are maintained properly.
Process, prepare and submit withdrawal applications for disbursements by the donor as well as request for the replenishment of the special account, according to the procedures agreed with bank and as defined in the Project Implementation Plan, In close collaboration with the Program Officer of the project, prepare and consolidate annual budgets, cost analysis and control.
7. Other Skill: High Computer literacy, Excel and demonstrated in database management and financial record-keeping.
8. Salary: As per the scale of the PMU/MOH
9. Age : 30 – 45 Years of age
10. Sex Male or Female
11. National Service Having fulfilled or exempted and provide evidence
12. Closing Date: 7 days from the date of this announcement
13. Interested candidates are requested to submit their letters of applications, current CVs, work experience credentials and other relevant documents. All applicants should submit their documents to Project Management Unit/MOH P.O. Box 4899, Tel. 122978 and 124360 Asmara Eritrea.

1. Post name : Fixed Asset Personnel
2. Number Required: One (01)
3. Place of Work: HQ Asmara
4. Education: Diploma in Accounting or Management
5. Work Experience: 3 years
6. Skill requirement: Responsible for identification, recording, valuation, reporting and timely capitalization of fixed assets.
Allocate tag numbers to fixed assets to effectively track them from time to time.
Record in the accounting system, designs a reporting format to capture all relevant data for
Medical and non-medical equipment.
Perform depreciation calculation for all fixed assets.
Maintain and complete a consolidated fixed assets register at the PMU level to account for all the fixed assets (health and non-health). All the fields in the register need to be fully completed with correct and information.
Coordinate with General Services Department and Pharmacy division to perform a detailed verification of fixed assets and update consolidated fixed assets register at the PMU/MOH.
7. Other skill: High Computer literacy.
8. Salary: As per the scale of the PMU/MOH
9. Age : 30 – 40 Year of age
10. Sex Male or Female
11. National Service Having fulfilled or exempted and provide evidence
12. Closing Date: 7 days from the date of this announcement
13. Interested candidates are requested to submit their letters of applications, current CVs, work experience credentials and other relevant documents. All applicants should submit their documents to Project Management Unit/MOH P.O. Box 4899, Tel. 122978 and 124360 Asmara Eritrea.

1. Post name : Procurement Officer
2. Number Required: One (01)
3. Place of Work: HQ Asmara
4. Education: B.A Degree in Management, Accounting or Economics
5. Work Experience: 5 years in procurement
6. Skill requirement: Preparing and issuing of bidding documents, Evaluation of bids, awards of contracts, L/C processing chasing of order, clearance and confirmation of receipts of goods against delivery order and settlements of discrepancies with suppliers and/or insurance companies, release of retention and warranty obligation and closing of procurement file.
Preparation of terms of reference (TOR) preparation and issuing of requests for proposal short listing of consultants the rest is the same as the procurement of goods and works.
